# ደምዳሚ መግለጺ ራብዓይ ጉባኤ
# ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ "ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብሓድነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓይልታት ዝረጋገጽ ማእከላይ ዕላማ'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤኡ፡ ካብ 21 ክሳብ 26 ለካቲት 2014 ዓ/ም/ ኣሰላሲሉ።*

*መኽፈቲ ውዕሎ 4ይ ጉባኤና ብቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለን፣ ቃል ኣቦ መንበር ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶን፣ ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካልን ተጀሚሩ። ቀጺሉ ብኣቦ መንበር ሳዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንትን፣ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገርን ናይ ምሕዝነት ቃል ተዋሂቡ፣ ከምኡ'ውን ካብ ፖለቲካውያንን በርጌሳውያንን መሓዙት ሓይልታትን፡ ሃገራውያን ባእታታትን ምሕዝነታዊ መልእኽእትታት ብተኸታታሊ ቀሪቡ። ድሕሪኡን ኣብ ዝቐጸሉ ዉዕሎታቱን፡ ጉባኤ ኣብ ጸብጻባት መሪሕነታዊ ኣካላት ሰፊሕ ምይይጣት ብምኽያድ ኣጽደቖ።*

*ጉባኤ፡ ኣብ ውድባዊ ሰነዳት ዘካየዶም ምይይጥ ምርኩስ ብምግባር፡ ከከም ኩነታቱ ውድባዊ ትካላትን መሪሕነታዊ ኣካላትን፡ ዘድምዕን፡ ክተዓጻጸፍ ዘኽእልን፡ ኣብ ናይ ትካላት ኣሰራርሓን ኣድማዕነትን ቊጽጽር ዘውሕስን፡ ኣገደስቲ ምምሕያሻት ኣብ ህንጻ - ሕጊ ኣተኣታትዩ።*

*ጉባኤ፡ ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ዘሕልፎ ዘሎ ተሃዋሲ፡ ውሽጣውን ግዳማውን፡ ብድሆታት ብዕምቈት ብምርኣይ፡ ማእከላይ ሓባራዊ ሃገራዊ ዕላማ ንምርግጋጽ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህልው ብድሆታት ንምግጣም፡ ቅድሚ ዝኣገረ ሕድሕድ ገድላዊ ምትሕብባር ምዝያድን፡ ኣብ ዝተሓተ ስምምዕ ዘትከለ፡ ኩሉ ዓቕሚታቶም ኣንጻር ሓባራዊ ጸላኢ ምቕናዕን፡ ህጹጽ መድረኻዊ ጠለብ ምዃኑ፡ ጽኑዕ እምነቱ ኣረጋጊጹ። ማእከላይ ሃገራዊ ዕላማ ድማ፡ ሰላምን ምርግጋእን ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምቕያርን፣ ኣምሳያኡ ድማ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምትካል፣ ኣብ ሃገርና ፍትሕን ምዕሩይ ልምዓትን ዘውሕስ ጥዑይ ሃዋሁ ምስፋንን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።*

*ጉባኤ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ "ብርጌድ ንሓመዱ" ብዝብል ስም ዝነጥፍ ዘሎ መንእሰያዊ ምንቅስቓስ ባህርያት ዕላማኡን ጭርሖታቱን ብንጹር ንምፍላጥ፡ ዕቱብ መጽናዕቲ ምኽያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ረኣየ። ከምኡ'ውን ምስኡ ዝግበር ርኽክባት፡ ኣብ ሃገራዊ መስመር ብዝህልዎ እምነትን ምእዙዝነትን፣ ማሕበራውን፣ ሃይማኖታውን፣ ባህላውን ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ብዝምልከት ዘለዎ ኣረዳድኣን፣ ከምኡ'ውን ታሪኽ ሃገራዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ሓይልታቱን ምኽባርን፣ ሓድነትን ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ምእማንን ኣብ ዝብሉ መረገጻት መሰረት ዝገበረ ክኸውን ከም ዝግባእ ኣረጋጊጹ። ብተወሳኺ ድማ፡ ናይ'ተን ዝነጥፈለን ሃገራት ሕግታት ምኽባር፡ ኣብ ግምት ዘእትው'ውን ክኸውን ይግባእ።*

*ጉባኤ፡ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ፖለቲካዊ፣ ወይ'ውን በርጌሳዊ ሓይሊ፡ ነዚ ሃገራዊ መትከላት'ዚ ዝትንክፍ ወይ'ውን ዝጻባእ እንተዳኣ ኮይኑ፡ ኣብ መጻኢ፡ ኣብ ልዕሊ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ሓደጋታት ብምስትውዓል፡ ብኣግኡ ብጽንዓት ክምከትን፣ በታኒ ኣረኣእያኡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ክቃላዕን ከም ዝግባእ ሪኡ።*

*ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፣ በቲ ኣንጊሁ ዓትዒቱ ዝሓዞ ዓፋኒ ፖሊሲታቱ፣ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሕሰም ክነበር ብምፍራድ፡ ውልቃውን ሓባራውን ሓርነታቱን ሰብኣዊ መሰላቱን ቶሓሪሙ፡ ኣብ መነባብርኡ ብኸቢድ ክኅሳቘል ገይርዎ ይርከብ። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ውሽጣዊ ጉዳያት ኢዱ ብምትእትታው፡ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኣህዛብ ጎረባብቲ ሃገራት ክህልዎ ዝኽእል ዝነበረ ሕድሕዳዊ ሓባርዊ ረብሓታት ዝፈቕድ ሕግታት ብምብኣር፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራትን ጥዑይ ዝምድናን ንምስፋን ዝምድምድ ጥጡሕ ባይታ ክፈጥር ኣይበቐዐን። እዚ ካኣ፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበራዊ ርኽክባትን ሕድሕዳዊ ቁጠባዊ ረብሓታትን ህዝቢታት ጎረባብቲ ሃገራት፡ ከቢድ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣንቢሩ ይርከብ። ብስንኪ'ዚ ግጉይ ፖሊሲ'ዚ ድማ፡ ህዝብና ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝኸተሎ ዘሎ ውጡር ዝምድናታት ጅሆ ከተሓዝ'ውን ሳዕቤን ኮይኑ ኣሎ።*

*ብገለ ካብ ስርዓታት ጎረባብቲ ሃገራት፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነቱ ዘካየዶ ናጽነታዊ ቃልሲ ዘነኣእስን፡ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ዝትንክፍን፡ ኣስፋሕፋሒ ኣተሓሳስባ ብግህዶ ይጋዋሕ ኣሎ።*

*እዚ ኩነታት'ዚ ኣብ ኤርትራ ከም ዘሎዎ እንተ ዳኣ ቀጺሉ ድማ፡ ህላወ ህዝብና ንሓደጋ ክሳጣሕን፣ ስቅያቱ ኣብ ኩሉ መዳያት እምብዛ ከዛይድን ምኳኑ ርዱእ እዩ። ስለ'ዚ እምበኣር ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዝቃለሳ ዘለዋ ሓይልታቱ ንምሕያልን፣ ናጽነቱ ብምዕቃብ፡ ሃገራዊ ልዑላውንቱ ንምሕላውን፣ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ብስሙር ቅልጽምን ብኣድማዒ ሱታፌን፣ ካብ ዝሓለፉ ጊዜታት ንላዕሊ ተራኡ ክጻውት፡ ሎሚ'ዩ ህጹጽ እዋኑ ክብል 4ይ ጉባኤ ኣረጋጊጹ።*

*ጉባኤ፡ ኣብ መንጎ ውድባት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ፡ ሓደ ውድብ ንምህናጽ ዝዕላማኡ፡ ዝተበጽሐ ስምምዕ መጒሱ። ንሓዳስ መርሒነት ካኣ፡ መስርሕ ሓድነት ንምዝዛም ሓላፍነት ኣሰከመ። ብተወሳኺ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ካልኦት ሓይልታት ተቓውሞን፡ ሓባራዊ ሃገራዊ ዕዮ ንምዕዛዝ ክሰርሑ ጸዊዑ።*

*ጉባኤ፡ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሓድሕደን ይኹን ኣብ ወውሽጠን ዘሕልፋኦ ዘሎዋ ቅልውላው ርእዩ። ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ኣብ መንጎ ሓያላን ሃገራት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ጸልዋታተን ንምዕዛዝ ዝካየድ ዘሎ ቅሩቁሳት፡ ምርግጋእ ሃገራት ዞባናን ረብሓታተንን ዝህድድ ምኻኑ ተመልከተ።*

*ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ እትሕልፎ ዘላ ውሽጣዊ ግርጭታት፡ ብሕልፊ ድማ ብድሕሪ ውግእ ክልል ትግራይ፡ ብሄር ተኮር ውሽጣዊ ግርጭታት በብከባቢኡ ብምስፍሕፋሕ፡ ኣብ ልዕሊ ሓድነት ኢትዮጵያ ዘንጸላለወ ኣጠቓላሊ ሓደጋ'ዩ። ብመሰረቱ፡ እዚ ሕዱርን ሓዲሽን ቅልውላዋት'ዚ፡ እኩብ ድምር ታሪኻዊ ውጺኢታት ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን ዝተኸተሉዎ ጎባጥን፣ ዓብላልን፣ ኣግላልን ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ምዃኑ ንጹር'ዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ልሂቃን ኢትዮጵያውያን ኣብ ውሽጣዊ ዝምድናታት ኢትዮጵያ ይኹን፣ ወይ'ውን ኣብ ግዳማዊ ዝምድናታት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ምስ ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ኣስፋሕፋሒ ኣተሓሳስባ'ዚ ገና ኣይተላቀቑን።*

*እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ብቐንዱ ንኢትዮጵያ፡ ብኡ ንብኡ ድማ ንዞባና፡ ኣብ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ገዚፍን ሓደጋ ዘሳጥሕ ምዃኑ ብምምዛን። ጉባኤ፡ ኢትዮጵያውያን ልሂቃን ንሃገራዊ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ዝግህስ ፕሮፓጋንዳ ኣብ ምንዛሕ ካብ ምውፋር ክቝጠቡ ኣትሪሩ ይጽውዕ። ኣብ መንጎ ክልቲኣን ኣሓት ሃገራት ዝስረት ጥዑይ ክልተኣዊ ዝምድና ክረጋገጽ ዝኽእል፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገር ልዑላውነትን፣ ሓባራዊ ረብሓታትን ብምኽባርን፡ ኣብ ናይ ሕድሕድ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ዘይምእታውን ዝምስረት ዝምድና ጥራይ ምዃኑ ጉባኤና ኣስሚርሉ።*

*ሱዳን ሽሕ'ኳ ከም'ተን ካልኦት ጎረባብቱ ሃገራት ብውሽጣዊ ግጭታት ይሳቐ እንተ ነበረ፡ ንነዊሕ ዘመናት ንብዙሓት ዜጋታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እንተላይ ንህዝቢ ኤርትራ፣ ውሑስ መዕቆብን መጽለለን ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ጉባኤ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን በርጌሳውን ሓይልታት ሱዳን፡ ነዚ ህልው ጽንኩር ኩነታት'ዚ ንምስጋርን፣ ሓድነት ሱዳን ንምዕቃብን፡ ደማዊ ኩናት ደው ከብሉን፡ ግርጭታቶም ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ድማ፡ ሃገራዊ ዘተ ንኽካይዱን ይጽውዕ። ብተወሳኺ ኣፍሪቃውን ዓረባውን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ነፍሰን ካብ ኣሉታዊ ኢድ ኣእታውነት ብምርሓቕ፡ ንኩሎም ተጻባእቲ ወገናት ሱዳን ናብ መኣዲ ዘተ ንምምጻእ ኣወንታዊ ግደአን ክበርክታ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ጸዊዑ። ከምኡ'ውን ነዚ ህልው ሽግር'ዚ ንምስጋርን፡ ንሱዳን ከም ቀደሙ መጽለሊ ህዝቡን ህዝቢታት ከባቢኡን ክገብሮን ዓቃላት ሓው ህዝቢ ሱዳን ተረኦም ክጻወቶ ዓቢ ተስፋ ይገብር።*

*ጉባኤ፡ ብዛዕባ ሓብትና ዝኾነት ሃገረ ሱማል ብዝምልከት፣ ሓድነት መሬት ሶማልያን ክሕለው ዘለዉ ምዃኑ መትከላዊ እምነትና ምኳኑ ብምርግጋጽ፡ ንሓድነትን ልዑላውነትን ሶማል ዝትንክፍን ዘዳኽምን ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ኢድ ምትእትታው ነጺጉ።*

*ጉባኤ፡ ኣብ መንጎ ፈለስጤናውያንን እስራኣልን ኣብ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ብሓደ ሸንኺ፡ ኣብ መንጎ ራሻን ዩክረንን ዝካየድ ዘሎ ውግእ ካኣ በቲ ካልእ ሸንኺ፡ ኣብ ልዕሊ ዝምድናታት ኣህጉራዊ ውድባትን ንዕኦም ዘቆጻጽሩን ዝሰርዑን ኣህጉራዊ ስርዓታትን፣ ሕግታትን ውዕላትን ስምምዓትን ቃል-ኪዳን፣ ሓደጋ ዘንጸላልው ምዃኑ ሪኡ። ብተወሳኺ ካኣ፡ ብመሰረት ሕግታታ ሰማይን፣ ብደቂ ሰባት ዝተበጽሐ ኣህጉራዊ ሕጋጋትን፡ መሰላትን ፍትሕን ሓደ መዐቀኒ ክህልዎም ይግባእ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ጉዳያት ተገራጫዊ ፖሊሲን መርገጻትን ምውሳድ ዘይስነምግባራዊ ባህርያት ዘርኢ ክብል ገሊጹ።*

*ጉባኤ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ጠጠው ንምባል ተጽዕኖታቱ ከዛይድን፡ ንግርጭት ፈለስጤምን እስራኣልን ውዱእ መፅለቢ ንምርካብ፡ ኣህጉራዊ ሕግታት መሰረት ብምግባር፣ ፍትሓዊ ሰላማዊ ፍታሕ ንምንዳይ ከጽዕርን ይጽዊዕ።*

*ሓያላን ሃገራት ካብ ሓደ ክፍለ ዘበን ንላዕሊ ጸጋታት ውጹዓት ህዝቢታት ዳሕጒሐን'የን። ሕጂ ብዋጋ ድኹማት ህዝቢታት ዘካይዳኦ ግርጭታት ናብ ዘይጽወር ደረጃ በጺሑ ይርከብ። ኣብ መላእ ዓለም ዋሕዚ ደምን ህልቂት ውጹዓት ኣህዛብን ደው ብምባል ኣህጉራዊ ረብሓታተን ብሰላማዊ ኣገባብ ምርግጋጽ ከሓስባ ይግባእ።*

*ኣብ'ዚ ስነ-ፍልጠትን ተክኖሎጂን ኣዝዩ ኣብ ዝምዕብለሉ ዘሎ መዋእል'ዚ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ዝረአ ዘሎ ምዝባዕ ክብርታት ፍትሕን ማዕርነትን፡ ሰብኣዊ ክብሪታትን ስነ-ምግባርን ክንደ ኣየናይ ወዲቑ ምህላው ብግልጺ ዘጒልህ'ዩ። ከምኡ'ውን ዓብላልነት ሓያላን ሃገራት ዝገርሖ ሕልናን፡ ዝእደቦ ሕግን ብዘይብሉ መንገዲ፡ ሕጋጋት መሮር ብዋጋ ድኹማት ህዝቢታት ክንደ ኣየናይ ሳዕሪሩ ምህላዉ ዝገልጽ'ውን'ዩ።*

*ባህግና፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኣፍራዩ ሕድሕድ ምትሕብባር ዝሰፈኖ፡ ህዝብታት ብዘይ ዝኾነ ዓይነትን መልከዓትን ኣድልዎ ባህሪያዊ ጸጋታቶምን ኣብ በበይኑ መዳያት ዝኸሰት ዘሎ ተክኖሎጂያዊ ምዕባለታትን፡ ብፍትሓዊ ኣገባብ ንረብሓ መላእ ደቂ ሰባት ዝመራቓሓሉን፡ ንጥቅሚ መጻኢ ወለዶታት ብማዕረ ዘገልግልን፡ ኩናታት ዘይብሉ ዓለም ምርኣይ'ዩ።*

*ጉባኤ፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍላተ-ዓለም፡ ብሕልፊ ድማ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሕልፉዎ ዘሎዉ ምጉስቛላት መነባብሮን ቀጻሊ ስቅያትን፡ ብኣንኩሮ ተመልከተ። እቲ ዝበኣሰ ስቅያት ካኣ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ተርእዮ ምዕጋት ኤርትራውያን እምብዛ ሳዕሪሩ ምህላዉ ተመልከተ። ስለዝኾነ ድማ፡ ዶብ ኤርትራ-ትግራይ (ኢትዮጵያ) ሰጊሮም፡ ዉሑስ መዕቆቢ ንምንዳይ ኣብ ክልል ትግራይ ዝኣትዉ ኤርትራውያን፡ ብደቂ ሰባት ዝነግዱ ሸፉቱ ኮንትሮባንዳታት እናተዓገቱ፡ ከም መልቀቒ፡ ድማ፡ ልዕሊ ዓቕሚ ቤተ ሰቦም ዝኾነ ጋር-ነፍሲ ክኸፍሉ ይግደዱ ብምህላዎም ሓቀኛን ልዑልን ሻቕለቱ ገለጸ። ጉባኤ፡ ንጊዜያዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ነዚ ንሕውነታዊ ሰናይ ዝምድናታት ክልቴኡ ኣሕዋት ህዝቢታት ዘበላሹዉ ተግባራት ሸፉቱ ክገትኡዎም ኣትሪሩ ይጽዊዕ።*

*ጉባኤ፡ ናይ ስደተኛታት ጉዳይ ዝምልከተን ኣህጉራዊ ውድባትን መንግስታትን፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ የመን፣ ሊብያን ካልኦት ቦታታትን፡ ዘጋጥሞም ዘሎ ሰቅያት ንምቅላል ኣድላዪ ደገፋት ክገብራ ጸዊዑ።*

*ጉባኤ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምንጻግ፡ ኣብ ጎኒ ህዝቡን ምእንቲ ዲሞክራሲ፣ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ ዝቃለሱ ዘለዉ ሃገራውያን ሓይልታቱን ክውግንን ይጽዊዕ።*

*ጉባኤ፡ ሓድነታዊ መሰርሕ ሃገራዊ ልፍንቲ ንቕድሚት ዝድርኽ፣ ምስ ተመሳሳሊ ድልየትን ፕሮግራምን ዝውንና ካልኦት ሃገራዊ ሓይልታት ብተመሳሳሊ፡ ማዕጾ ሓድነታዊ መስርሕ ዘርሕውን፡ ግደ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘዐዝዝን፡ ብርክት ዝበሉ ውሳኔታት ኣሕሊፉ። ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ውድባዊ ኣሰራርሓ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ዘማዕብሉ ውሳኔታት'ውን ኣሕለፉ።*

*ጉባኤ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ዉዕሎኡ፡ መጻኢ መድረኽ እትመርሕ ሓዳስ መሪሕነት ብምምራጽ መደባቱ ዛዚሙ።*

*ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!*
*ክብርን መጎስን ንሰዉኣትና!!*

*ራብዓይ ጉባኤ*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*26 ለካቲት 2024*